Folk–bildnings–rådet

# መሰላትኩም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ፎልክ

[Folkhögskola]

## መሰላት ተመሃሮ - ኣገዳሲ ንዓኹምን ንቤት-ትምህርቲ ፎልክን ኣገዳሲ

ቤት-ትምህርቲ ፎልክ ዓይነት ትምህርቲ ኮይኑ ብሽቶታት ምድንፋዕ ተሳታፍነት፡ ተወፋይነት ከምኡ'ውን ዲሞክራሲያዊ ዕቤት ሕብረተሰብ ድማ ይምራሕ። እቶም ንጥፈታቶም በቶም ኣብያተ-ትምህርቲ እዮም ዝንደፉ። ኣብያተ-ትምህርቲ ፎልክ ካብ ሕጊ ኣዋጅ ትምህርቲ ነጻ ኢዩ ከምኡ'ውን እቲ መንግስቲ ዘገድዶም ጠለባት ካሪክለም ድማ የለዉን። ቆንስል ትምህርቲ ፎልክ እቶም ኣብያተ-ትምህርቲ ዝረኽብዎ ድጎማ ካብ መንግስቲ ንዕዮኦም ንምድጋፍ ሓላፍነት ኣለዎ። ኣብያተ-ትምህርቲ ን ቆንስል ትምህርቲ ፎልክ ዘቕርቦ ጠለባት ድጎማ ክኽተልኦ ይግደዳ፡ ንሱ ድማ ኣብ መሰላት ተመሃሮ ይጸቅጥ።

ከም ተሳታፊ ናይቲ ቤት-ትምህርቲ ልምድታት ሕጊ፡ ናይቲ ቤት-ትምህርቲ ሕግታት ዝምልከቱ ንጉዳያት ተመሃሮ ከተንብቦም ኣለካ ንከም ኣተሓሕዛ ጥርዓን፡ ዲስፕሊናዊ ስጉምታት ከምኡ'ውን ጽልዋ ተሳታፊ። ኣብ ቤት-ትምህርቲ ፎልክ እቲ ቦርድ ቤት-ትምህርቲ እቲ ዝለዓለ ስልጣን እቲ ቤት-ትምህርትን ትምህርትን ዘለዎ'ዩ። እዚ ማለት ድማ እቶም ዝበዝሑ ውሳኔታት ዝምልከቱ ንጉዳይካ ከምኡ'ውን መሰላትኩም ኣብ ቤት-ትምህርቲ በዚ ቦርድ ቤት-ትምህርቲ እዮም ዝውሰኑ።

FSR ናይቲ ቤት-ምህርቲ ናይ ተመሃሮ ቤት-ምኽሪ ሕጊ እዩ ከምኡ'ውን ዕላምኡ ንሕጋዊ ኣቃውማ ኩሎም ተመሃሮ ናይቲ ቤት-ትምህርቲ ንምጥንካር እዩ። FSR ብኸመይ ከምዝሰርሕን ከም ተሳታፊ ድማ ብኸመይ ክንሕግዘካ ከም እንኽእል ኣብ ታሕቲ ዝያዳ ከተንብብ ትኽእል።

## ኣይዓገብኩምን፧ ግጭት ኣሎ ድዩ፧ እንታይ ክግበር ኣለዎ፧

በዚ ህሉው ኩነታትኩም ዘይዕጉባት ዲኹም ወይ ምስ ቤት-ትምህርቲ ግጭት ፈጢርኩም ዲኹም፧ እቲ ቀዳማይ ስጉምቲ ነቲ ሓላፊ ናይቲ ቤት-ትምህርቲ ምርካብ እዩ። ብናይ'ቲ ሓላፊ ቤት-ትምህርቲ መልሲ ዕጉብ ምስ ዘይትኾኑ ናብቲ ቦርድ ቤት-ትምህርቲ ጥርዓን ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ድሕሪ መልሲ ምሃቦም፡ ጌና ዘይዓገብኩም ምስ እትኾኑ ጥርዓን ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም ናብ FSR። ኣስተውዕሉ ኩሎም FSR ዝቕበሎም ጾብጻባትን መልእኽታትን ህዝባውያን ሰነዳት ኢዮም ዝኾኑ። ስለዚ ክቃልዑ ይኽእሉ ኢዮም ብመሰረት መትከል ህዝባዊ በሪ ናብ ሓበሬታ።

## ኣየኖት ሕቶታት ክሕበሩ ኣለዎም፧

እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ክሕበሩ ይኽእሉ እዮም ናብ FSR እንድሕር፡

- እቲ ስልጠና ካብቲ ኣብ መወዓውዒ ዝቐረበ ዝትሕት ምስ ዝኾውን
- ናይቲ ቤት-ትምህርቲ ኣገባብ ኣተሓሕዛ ጥርዓናት

- ኣገባብ ኣተሓሕዛ ዲስፕሊናዊ ስጉምታት እቲ ቤት-ትምህርቲ፡ ከም መጠንቐቕታ፡ ግዝያዊ ምስጓግ ከምኡ’ውን ምንጽልጻ
- ዋሕዲ ሓበሬታ ብዛዕባ ክፍሊታት
- ዘይእኹል መምህርሒ መጽናዕቲ
- ዋሕዲ ክትትል ናይ ውጥን ትምህርቲ
- ዋሕዲ ምብብሃል ብዛዕባ ውጽኢታት መጽናዕቲ
- ምሕደራ ቤት-ትምህርቲ እንድሕር ሓደ ስልጠና ተቛሪጹ ወይ ተሰሪዙ
- ዋሕዲ ተሳተፍትን ናቱ ጽልዋ ኣብ መሰላት ተመሃሮን።

ንFSR ወይ ንዝኾነ ደጋዊ ኣካል ናይ መጽናዕቲ ገምጋማት ብዝምልከት ክትጠርዑ ኣይክኣልን እዩ።
ናብ FSR ክትጠርዑ ትኽእሉ እንድሕር ኣብ ካብ 15 መዓልታት ንላዕሊ ዝወስድ ስልጠና ተመዝጊብኩም ኣለኹም’ዩ። ምዝገባ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ድሕሪ መመረቕታ ናይቲ ተማሃራይ ናብ FSR ዝበጽሐ ክኾውን ኣለዎ።

## ድሕሪ ጥርዓን ምቕራብ እንታይ የጋጥም፧

ቦርድ ቤት-ትምህርቲ ፎልክ ናይ ትምህርቲ ንጥፈታት ሓላፍነት ኣለዎ ከምኡ’ውን እቶም ኣድለይቲ ሕግታት የተግብር። ሓደ ጉዳይ ኣብ ዝጸረየሉ፡ FSR ኣብ ናይቲ ቤት-ትምህርቲ ሕግታትን መምርሒታትን ይምርኮስ።
FSR ብፍጹም ናይ ቤት-ትምህርቲ ውሳኔ ክቕይር ኣይክእልን እዩ፡ እንተኾነ ግን ምሕጽንታታት ነቕርብ ኢና። ዝበዝሑ ምዝጉባት ኣብያተ-ትምህርቲ ድማ ክሳብ ሕጂ ናይ FSR ምሕጽንታ ከቕርብ ተኸቲሎም እዮም።
FSR ከመይ ዓይነታት ምኽንያታት ከምዘቕረበ ኣብ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ትፈልጥዶ፧ ዝያዳ ኣንብቡ ኣብ [www.folkbildningsradet.se/fsr](http://www.folkbildningsradet.se/fsr)

**ርኸቡና ብ፡**

ኣመሓዳሪ ናይ FSR: 08-412 48 10
Folkbildningsrådets (ስዊች): 08-412 48 00
fsr@folkbildningsradet.se